

verbraucherzentrale
Thüringen

# ኣብ መዓልታዊ ሂወት ብቑዕ ዓሚል ምኳን

ንስደተኛታት ከምኡ'ውን ንተሓጋገዝቲ ሰደተኛታት ሓበሬታ ንህብ

# ንሕና እንታይ ንገብር

## ፍሲ-ወከፍ ዓሚል እዩ

ስደተኛታት ኣብ ጀርመን ብዙሓት ሕቶታት የጓንፎም እዩ። ባንክ ሕሳብ ከመይ ኣቢለ ይኸፍት፧ እንታይ መድሕን (ውሕስነት) የድልየኒ፧ ኣብ ኢንተርነት እንታይ እዩ ዝፍቀድ፧ ጽቡቕ ውዕል ናይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን (ሞባይል) ከመይ ኣቢለ ይረክብ፧
ብውልቂ ንብረት እንተ ገዚእኩም ወይ ኣብ ሓደ ዱኳን ውዕል እንተ ኸቲምኩም፣ እዚ ከም “ዓደግቲ” (ኣህለኸቲ) ይገብረኩም። “ዓደግቲ” ድማ ብዓቢኡ “ዓመዊል” ማለት እዩ።

## ማእከል ዓሚል ነዚ ዝስዕብ ይገብር

ዓመዊል ብዛዕባ መሰላቶም ኣፍልጦ እንተ ዘይብሎም ወይ ውሑድ ኣፍልጦ ናይ ቋንቋ ጀርመን እንተ ሃሊዎም ብዙሓት ትካላት ነዚ ክምዝምዙ ይፍትኑ እዮም። ንዓመዊል ብዘይርትዓዊ መንገዲ ይሕዝዎም። ንኣብነት ዓመዊል ንሓደ ሕማቕ ንብረት ብዙሕ ገንዘብ ክኸፍልሉ ይግደዱ። ምስ ከም’ዚኦም ዝኣመሰሉ ትካላት ጸገማት ንዘጓነፎም ሰባት ሓገዝ ነበርክት።

## ናትና ዛዕባታት

- ብዛዕባ ናይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ውዕል ወይ ናይ ኢንተርነት ውዕል ጸገም እንተ ኣጓኒፍኩም ሓገዝ ነበርክት።
- ግጭት ምስ ሸየጥቲ እንተ ኣጋጢምኩም፣ ብዘየገድስ ኣብ ዱካን ወይ ካብ ኢንተርነት ምስ ትገዝእዎ፣ ሓገዝ ንህብ።
- ሓደ ክኢላ ሕጊ (ጠበቓ) ብዛዕባ መሰል ሕትመት ጽሒፍልኩም ድዩ፧ ዝያዳ ኣፍልጦ ኣሎና።
- ከመይ ኣቢሉ ሓደ ሰብ ጽቡቕ ወሃቢ ኤለክትሪክን ጋዝን ይረክብ መብርሂ ንህብ።
- ከመይ ኣቢልኩም ኤለክትሪክን ማይን ከም ትዕቅቡ ሓበሬታ ንህብ።
- ኣገደስቲ ናይ መድሕን ርእይቶታት (ለበዋታት) ንቕርብ።
- ብዛዕባ ባንክ ሕሳብን ልቓሕን ምኽሪ ንህብ።
- ኣብ ጀርመን ጥዕና ዝህብ መግቢ ከመይ ኣቢልኩም ከም ትምገቡ ካባና ምኽሪ ምርካብ ይከኣል።

ማእከላት ዓመዊል ኣብ መላእ ጀርመን ይርከቡ።
ማእከላት ዓመዊል ካብ ትካላትን ፖለቲካዊ ረብሓታትን ናጻ እዮም።

## ሓገዝ ክነበርክተልኩም ኢና

ናብ ማእክል ምኽርና ኣብ ቱሪንገን ምጹ (ዳሕረዋይ ገጽ ረኣዩ)። ናትና ኣማኸርቲ ብዝተኻእለ መጠን ክሕግዝኹም ክፍትኑ እዮም።

- ኣቐዲምኩም ቆጸራ ሓዙ።
- ክትርጉመልኩም ዝኽእል ሰብ ተማልኡ።
- ብዛዕባ ማሕበራዊ መሰል፣ መሰል ስራሕ፣ መሰል ዑቕባ ምኽሪ ኣይንልግስን ኢና።
- ዛዕባ ናይ ምኽሪ ኣብ ግምት ኣትዩ ምኽርና ገለ ገንዘብ ይኽፈሎ እዩ።

## ሓበሬታ ክንህበኩም ኢና

ንስደተኛታት ከምኡ'ውን ንተሓጋገዝቲ ስደተኛታት መግለጺ ንህብ ኢና። ማእከል ዓመዊል እንታይ ምኧኑ ብቕልል ዝበለ ቋንቋ መብርሂ ንህብ ኢና።

- መግለጺ ንምሃብ ናባኹም ክንመጽእ ንኽእል ኢና።
- እቲ ናይ ዓመዊል ዛዕባ ኣርእስቲ ባዕልኹም ትመርጽዎ።

## ምሳና ተዘራረቡ (ርኸቡና)

"ብቕዓት ናይ ዓመዊል ስደተኛታት ኣብ ቱሪንገን ምህናጽ"፣
ፕሮጀክት ናይ ማእከል ዓሚል ቱሪንገን

**Nadine Bellstedt**
**ከምኡ'ውን Sabrina Bensaid**

ተሌፎን፣ +49 361 3 46 11 11
ኢመይል፣ integration@vzth.de



# መንገድኹም ናባና

Altenburg
Dostojewskistraße 6

Bad Salzungen
Langenfelder Straße 8

Eisenach
Markt 22

Erfurt
Willy-Brandt-Platz 1

Gera
Humboldtstraße 14

Heilbad Heiligenstadt
Göttinger Straße 5

Jena
Unterlauengasse 5

Leinefelde-Worbis
Jahnstraße 12

Mühlhausen
Brückenstraße 23

Nordhausen
August-Bebel-Platz 6

Rudolstadt
Stiftsgasse 21

Schmalkalden
Altmarkt 6

Suhl
Würzburger Straße 3

**ቤት-ጽሕፈትና መዓልታዊ ክፉት ኣይኮነን።**
**ቆጸራ፣ +49 0361 555 14 0**

verbraucherzentrale Thüringen

**ሕታም**
ትካል ማእከል ዓሚል ቱሪንገን| ቤት-ጽሕፈት
Eugen-Richter-Straße 45፣ 99085 Erfurt
ተሌፎን፣ +49 361 555 14 0 | ፋክስ፣ +49 361 555 14 40
www.vzth.de | info@vzth.de

**ሓላፍነት ናይ ትሕዝቶ ዝስከም፦**
Dr. Ralph Walther፣ ሓላፊ ናይ ማእከል ዓሚል ቱሪንገን
**ጽሕፈት ከምኡ'ውን መስርዕ፦** Mara Mertin
**ዕለተ ሕታም፦** ሕዳር 2019
**ኣርእስቲ ስእሊ፦** Frank Gärtner/stock.adobe.com
ብገንዘብ ናይ ሚኒስትሪ ስደት፣ ፍትሕን ደገፍ ዓሚልን ናይ ቱሪንገን ዝተመወለ እዩ